ሰብ ሕድሪ ሲቪል
ማሕበረ-ሰብ ትግራይ
ትግራይ ፣ መቐለ

Seb-Hidri Civil
Society of Tigrai
Tigrai , Mekelle

ዕለት 12/02/2012
ቁፅሪ ሰ/ሕ/ሲ/ማ/ት-0051/12

ናብ፡ ዝኽበርካ ዶ/ር ደብረጽዮን ገብረሚካኤል - ኣ/ወ ውድብ ህወሓት

መቐለ

ዋኒኑ፡ ኣብ ልዕሊ ሲቪል ማሕበርና ዝካየድ ዘሎ ጸለመ ጠጠው ክብል ዝምልከት ይኸውን

ብቐዳምነት ብሽም ክሎም ኣባላትን ደገፍትን ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረ ሰብ ትግራይ፣ እንካዕ ንሓዱሽ ዓመት 2012 ብሰላም ኣብጻሕካ ክብል እፈቱ፡፡ ቀጺለ፣ ንስኻ ኣብዚ ከም ህዝቢ ኣጋጢሙና ዘሎ ፈታኒ እዋን፣ እንኮ መድሕና ዝኾነ ሓድነትና ቅርጺ ክትሕዝ፣ ኣባላት ውድብ ህወሓት ጥራሕ ዘይኮነ፣ ዳርጋ ኩሉ ትግራዋይ ክበሃል ብዝኽእል መልክዑ ብዘይ ናይ ፖለቲካ ኣተሓሳስባ ኣፈላላይ መራሒና ክብለካ ዘብቅዐ ስብእና ሒዝካ ብምርካብካ፣ ደጊመ ደጋሚ ክንእደካን ክምስግነካን እፈቱ፡፡

ናብ ዋና ውራይ እዚ ደብዳበ ክመጽእ ከለኹ፣ ማሕበርና ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረ-ሰብ ትግራይ፣ ዘድሊ ሮጃሒ ኣማሊኡ ከም ሲቪል ማሕበረ-ሰብ ካብ ቢሮ ፍትሒ ትግራይ ብመዝገብ ቁጽሪ 10/2010 ተመዝጊቡ ኣብ ዕላዊ ስራሕ ይርከብ፡፡ ሰብ ሕድሪ ዛጊድ ሕጋዊ ኣፍልጦ ረኺቡ ኣብ ዝተንቀሳቐሰሉ ናይ ሓደ ዓመትን 3 ኣዋርሕን ዕደመ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ዘሐበነ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ዓሚሙ እዩ፡፡ ኣብቲ ካብ ሕልና ኩላህና ዘይጠፍእ ተሪር መኸተ ዘሳለጥናሉ ዓመት 2011 ዓ/ም ውን ብመዳይ ምውሓስ ድሕነትን ሓድነትን ትግራይ፣ ከም ሓደ ትግራዋይ ትካል እጃሙ ተዋጺኡ እዩ፡፡

ይኹን ደኣ እምበር፣ ካብ ግዘ ምስረታ ጀሚሩ፣ ሰብ ሕድሪ ከም ትካላት ሒዝዎም ዝተልዓለ ዕላማታትን ተግባራትን ዘይተውሓጠሎም ናይ ሩሑቕን ቀረባን ተጻባእቲ ሽም እዚ ትካል ካብ ምድዋን ዓዲ ኣይወዓሉን፡፡ እንተኾነ ካብ መፈላምታ ስራሕ ክንጅምር ከለና ጸለመን ጠቕነን ከምዘጋጥመና ፈሊጥና ስለዝነበርና፣ ብስራሕ ክነሸንፎ ኢና ኢልና ኣብ ቃልሲ ክነድህብ ኢና መሪጽና፡፡ ከምኡ ስለዝነበረ'ውን ንኽብሪ ውድብ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይ ዘይምጥኑ ጽያፍ ጸለመታት ብገለ ኣባላት ውድብ ህወሓት ኣብ ልዕሌና ክንዛሕ ከሎ፣ ብዙሕ ትዥረት ክይሃብናዮ ጸኒሕና ኢና፡፡

ሕዚ ካብ ቀረባ እዋናት ጀሚሩ ኣብ ባይታ ንሪኦ ዘለና ኣንጻር ሰብ ሕድሪ ዝቐንዐ ጎስጓስ ጠቕነ ግን ከም ኣባላትን መሪሕነትን እቲ ማሕበር ጥራሕ ዘይኮነ ከም ተጋሩ ኣሻቒሉና ኣሎ፡፡ ምኽንያቱ ከኣ እቲ ናይ ቅድሚ ጸለመታት ካብ ወረ ዝሓልፍ መሰረት ዘይብሉ ጸለመ ክኸውን ከሎ፣ ኣብዚ ቅንያት ተጀሚሩ ዘሎ ወፍሪ ግን ብ ናይ ሰብ ሕድሪ ስናዕ ኣርማን ናይ ሕሶት ማህተምን ዝተሰነየ ነውራምን ገበነኛን ሰነድ ተሰንዩ ዝካየድ ዘሎ ምኻኑ እዩ፡፡

□.□□□ - 03- 42 41 89 99
- 09- 10070174
- 09- 147200 28/29

Tel : - 03-42 41 89 99
- 09- 10070174
- 09- 14 72 00 29/28

ሰብ ሕድሪ ሲቪል
ማሕበረ-ሰብ ትግራይ
ትግራይ ፤ መቐለ

Seb-Hidri Civil
Society of Tigrai
Tigrai , Mekelle

እዚ ናይ ሕሶት ሰነድ ይብተን ከምዘሎ ሓበሬታ ምስረኸብና፣ ናይ ውልቀን መንግስትን ሚድያታት ጸዊዕና ናትና ከምዘይኮነን ከኹነን ከምዝግብኦን ከም ሰብ ሕድሪ ዝገለጽና ኮይኑ፣ በዚ ኣቢልና እውን ነቲ ናይ ሕሶት ሰነድ መሰረት ገይሩ ክሳለጥ ዝጸንሐ ጠቐነ ጠጠው ክብል ዝብል ትጽቢት ነይሩና እዩ፡፡ እንተኾነ ግን እዚመን ከምዘዳለዎ ዘይፍለጥ ሓድነትን ሰላምን ትግራይ ንምዝራግ ዝዓለመ ነውርታት ዝመልእዎ ንክብሪ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ዘይምጥን ሰነድ፣ ሕዚ ውን ብገለ ኣባላትን ታሕተዎት ኣካላት ቤት ጽሕፈት ህወሓትን ክይተረፈ ክሳብ ኣብ እኩብ ህዝቢ ይዝርጋሕን ይዝረበሉን ከምዘሎ በጺሕናሉ ኣለና፡፡

ዝኸበርካ ኣ/ወ ውድብ ህወሓት ዶ/ር ደብረጽዮን፣ ሰብ ሕድሪ፣ ኣብዚ ዘለናዮ ህሞት ልዕሊ ዝኾነ እዋን ከም ተጋሩ ሓድነትና ኣስጢምና፣ ብሓደ ገጽ ናይ ግዳም ጸላእትና እናመከትና ብካልእ ገጽ ድማ ኣብ ህንጸት ውሽጣዊ ዓቕምና ወፊርና ልምዕትናን ሰላምናን ከነሳልጥ ከምዝግባእ፣ ወለምዘለም ዘይብል ተሪር እምነት ኣለዎ፡፡ እምነት መንግስትን ህዝብን ትግራይ ውን ካብዚ ዘይፍለ ምኻኑ ኣጸቢቑ ይፈልጥ፡፡

ኣብ ከምዚ ዝበለ ንጾት ውን ትኸስ ክትብል ዘይዕድመካ ተኣፋፊ እዋን እዩ እምበር ከምቲ ዝተሓበረ፣ ብገለ ኣባላትን መሪሕነትን ውድብ ህወሓት ክይተረፈ ኣብ ልዕሊ እቲ ብቕንዕናን ትግራዋይ ሕራነን ተዓጂቡ እጃሙ ዝዋጻእ ዘሎ ሰብ ሕድሪ፣ መሰረት ዘይብሉ ጠቐነታት ዝካየድ ዘሎ፡፡ እዚ ፈጺሙ ካብ እምነት ውድብ ህወሓትን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ዝረሓቐ፣ ንህዝብና ኮነ ንውድብ ህወሓት ዘይጠቅም ጽያፍን ጸረ-ዴሞክራስን ተግበር ብኣጋ ኣብየት ክበሃል ኣለዎ ኢልና ንኣምን፡፡

ነዚ ነውርታት ዝመልኦ ሓድነትን ሰላምን ትግራይ ዝዘረግ ዘይሓላፍነታዊ ተግባር ሪኢኻን መሪምሪካን ንትህበና ፍታሕ ከኣ ኣቐዲመ ኣመስግን፡፡

ምስ ሰላምታ

መሓሪ ዮሃንስ
ኣቦ ወንበር ቦርድ ኣመራርሓ
Mahari Yohannes
Board Chairman

ዘልኣለማዊ ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ንስውኣት!

ዓወት ንህዝቢ ትግራይ!

**ቅዳሕ**

- ን ቢሮ ፍትሒ ብ/ክ/መ/ት
- ን ዋና ቤት ጽሕፈት ማእከላይ ኮሚቴ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ
- ንሰ/ሕ/ስ/ማ/ት ዋና ቤት ፅሕፈት

□.□□□ - 03- 42 41 89 99
- 09- 10070174
- 09- 147200 28/29

Tel : - 03-42 41 89 99
- 09- 10070174
- 09- 14 72 00 29/28